# ዓር እብለኪ ክር እብለኪ .....

## ...... እንተኣበኺ ንነብሪ 'ህበኪ !!!

ጃንዳ ህግደፍ ነዛ ብዕለት 22.02.2010 ዘካየድዋ ሰላማዊ ሰልፊ ተዓዚብና ።ክሳብ እዛ ዕለት እዚኣ ዝነበረ ታህዲድን ዳንኬራን,ኣብ ኢንተርነት,ኣብ ቲቪ ኤሪ ወዘተ.. ኮታ ነዛ "ንድሕነት ኢሰያስ" ዝተሰመየት ሰላማዊ ሰልፊ ክዉን ንምግባር ዝተኻየደ ጎስጓሳትን ምፍርራሃትን ብሕልፊ ኢሰያስ ዝገበሎም ንኣሽቱ ኣትማን ኣኣዳዎም እናወጣወጡ ላዕልን ታሕትን ይብሉ ምንባሮም ብዙሕ ዶላራት ዝፈሰሶ ቀጥታዊ ፈነወ ቲቪ ኤረን, ነዚ ዝራኣየት ዓይንን ዝሰመዔት እዝንን ዝምስክረአ ሓቂ'ዩ ። እዚ ኩሉ ዕንደራን ጃህራን ከምዘይተኻየደ ድሕሪ እዛ ሰላማዊ ሰልፊ ድማ ካልእ ቃና ንሰምዕ ኣሎና።

ቅድሚ ናብቲ ሰላማዊ ሰልፊ በጺሖም ዘተመለሱ ሰባት ቲሕምቲሕም ዝብልዎ ዘሎዉ ምጽሓፈይ እሰከ እቲ ብብዝሒ ኤርትራዊ ተሳቲፍዎ ዝባሃል ዘሎ ሰላማዊ ሰልፊ ንተዓዘብ።

እቲ ብደረጃ ኤርትራውያን ነበርቲ ኣብ ኤውሮጳ ዝተኻየደ ናይ ጀኔቫ ሰላማዊ ሰልፊ ኣስታት 13,000 (ዓሰርተውሰለስተ ሽሕ) ብብዝሒ ኤርትራዊ ተሳቲፍዎ ልዕሊ 120,000 ድማ ክታሞም ኣስፊሮም ኢሎ ህግደፋውያን ።

ቀዳማይ ፍሽለት...ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ወዲቓ ኔራ እንተትነብር ካብ ተሳታፋይ ሰላማዊ ሰልፊ ከታማይ (ፈራማይ) ኣይምበዝሐን፣ ኤርትራዊ ኣብ ጉዳይ ሃገሩ ክታም ጥራሕ ኣስፊሩ ኣይምደቀሰን በንጻሩ 'ኳድኣ ንመስዋእቲ ሂወቱ ምወፈየ ።

ክንድኡ ዝኣክል ክታም መነመን ኢዮምከ ከቲሞሞ? ወይስ ብሙሉኡ ዝርዝር ኣስማትን ኣድራሻን ናይ 2% ዝኸፍሉ ዝነበሩ ባዕልኹም መዝጊብኩም ከቲምኩሞ ?

ካልኣይ ፍሽለት... ኣብ ኤውሮጳ ኣስታት 200,000 ክሳብ 250,000 ኤርትራዊ ይነብር ይባሃል ካብዚ ክንደይ ሚኢታዊ'ዩ ኣብቲ ግዱድ ንድሕነት ኢሰያስ ዝተገብረ ሰላማዊ ሰልፊ ተሳቲፉ?

ሳልሳይ ፍሽለት ካብቶም 13 ሽሕ ዝበልኩሞም ክንደይ ኤርትራውያን,ክንደይ ኣምሓሩ,ክንደይ ተጋሩ,ክንደይ ኦሮሞ,ክንደይ ሶማላውያንን ካልእ ወጻእተኛታትን ኔሮም?

ብሕልፊ ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ ካብ ናይ ኤርትራ ናይ ኢትዮጵያ ባንዴራ ትረአ ኔራ።

ብሓፈሽኡ ክረአ ከሎ ህግደፍን ተደናገጽቶምን ተሪር ጽፊዕት ከም ዘላኸዮም'ዩ ዘረድኣና, ወዮ ድኣ ሕንከት ዘይመሳነይቶም ኮይና'ምበር እዚስ ዘሕንኽ'ዩ ኔሩ።

ዝኾነ ኮይኑ ብመንጽር ተቐማጣይ ኤርትራዊ ኣብ ኤውሮጳ እቲ 2% ኣይኮነን ኤርትራዊ ዝተሳተፎ።ካብዚኦም ድማ እቶም ዝበዝሑ ካብዚ ኣስዒብና እነዕልለሎም ዝሩጋት መዓንጣ'ዮም።

ኣብ ጀኔቫ ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ "ንድሕነት ኢሰያስ" ሓዲሮምን ዊዒሎምን ምስተመለሱ እቶም ዝበዝሑ ሰላሕ ኢሎም, ጸልማት'ውን ስለዝነበረ ነናብ ገዝኦም'ዮም ከይዶም።ገለ ቁንጣሮ ግን ኣብተን ንዐኦም ዘእንግዳ ባራት ብምኻድ እቲ ኣብ ጉዕዞኦም ዝጀመርዎ ስኽራን ንምቕጻል ዘላገሱ'ዮም።እቲ ዘገርም እዚኣቶም እቶም ቀንዲ ተኣመንቲ ናይቲ ስርዓት ህግደፍ ክኾኑ እንከለዉ ካብ ኣፎም ዝወጽእ ዝነበረ ጽዩፍ ቃላት ...ናይ መን ድኣ ክወስዱ ኢልካ ዝሕለፍ'ዩ።

ስርዓት ህግደፍ ንዓና ኤርትራውያን ብብዙሕ ሜላታት ኢዩ ዘደናግረና ዘሎ ።

ገለ ኣብነታት ንምጥቃስ:-

*ቅዋምና ተተርኢስዎ ደቂሱ ከሎ ሕጊ ጥሒሶም ኢሉ ዜጋታት ክኣስርን ክቕትልን ይረአ !

በየናይ ሕጊ .....?

*እዚ ቦታ ወርቂ ተረኺብዎ ኣሎ እንዳበለ ዜጋታት ካብ ቦቶኦም የፈናቕል !

ካብ ዝቐደመ ተረኺብዎ ዝተባህለ ቦታ ደቂ'ቲ ዓዲ ይሰፍርዎ ኣለዉ ዶ..? ,ድሓር ከአ ኩላ ኤርትራ ወርቂያ ዜጋ ኣብዚ ቦታ ኣየድልየናን ክብሉ ከምዝኾኑ ትፈልጡ ዶ..?

*ንገለ ስንኩፋት ድማ እዚ ስርዓት ናትኩም'ዩ ,ሓጉዙና ኣሕዋትኩም ኢና ደቂ ከባቢኹም ኢና!

1+1 ይኸውን ክልተ ... እኩብ ድምር ከባቢታት ድማ ይኸውን ሓንቲ ኤርትራ ........

እቲ ከፋፊልካ ግዛእ ዝብል ሜላኦም ብዙሕ ስለዝኾነ ነዚ ኣወንዚፈ ናብ ጽሑፈይ ክምለስ

እምባኣርከስ ኣብ ሰልፊ ንድሕነት ኢሰያስ (ቅብጸት ተስፋ) ዊዒሎም ዝተመልሱ ከይሓፈሩ ከይሓነኹ ኣብዚ ሰላማዊ ሰልፊ እቶም ንበዝሕ ደቂ ሓደ ከባቢ'ና ኔርና ዋናታት ኤርትራ መን ምዃኑ ተጻሪና ክብሉ ንሰምዕ ኣሎና እዚ ግን ሓድሽ ዜማ ኣይኮነን ፡፡እኳድኣ ዝበለየ ድሑር ኣተሓሳስባ ።እሞ ኸኣ እቶም መራሕቶም ነቲ ዝብልዎ ከባቢ ዘይውክልዎ ምዃኖም

ዘይምፍላጥ'ዩ ።

እሞ መን ከሰረ?ስለምንታይከ ካብ ኤርትራውያን ኣሕዋትኩም ክትፍለዩ ትደልዩ ኣሎኹም? ኤርትራ እኩብ ድምር ናይ ኩሉ ኣብ ዓንኬላ ወይ ሓጹራ ዝርከብ ከባቢታ'ያ ። ኣብቲ ክትብገሱ ከለኹም ብሕቡእ ካብ ዘካየድኩሞ ጎስጓስ ሓደ ንሱ'ዩ ኔሩ ። ጠፋእናባ...ሰልጣን ካብ ኢድና መሎቐት....ሃየ ኣቤሎኻ ተዳናጋጺ....ወላ ብሊብያ ምጹ ኣብዚኣ ተተሳቲፍኩም ስልጣን ኣብ ኢድና'ዩ ምሕረት ክግብረልኩም'ዩ ወዘተ... እናተባህለ ተኣራሪኹም ወላ'ቶም ንዚ ስርዓት ትሓምዩ ዝነበርኩም መንነትኩም ተጋሂዱ ጥራሕ

ዘይኮነስ ድሕሪ ጀኔቫ ሓደስቲ ኤርትራውያን ኴንኩም መጺእኩም።ኣብዚ ግን ብዕላማ ከምዘይከድኩም ኢዩ ዘረድእ ,ኣበየናይ ታኼላ ትሸመሙ ከምዘለኹም እንተትፈልጡ ሕጂ ግን ንዝመጽእ ግዜ ዋሕስ ህይወትኩም ምኾነኩም።

እቶም ትኽ ኢሎም ንገዝኦም ዝኸዱ ድማ ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ክጣዓሱ ሪኢና፣እንታይ ኮይንኩም ድኣ እንተበልካዮም ,(እቲ ቅድሚ ምኻዶም ዝመኽርናዮም ደጊሞምልና)እንታይከ ዘይንኸውን እዚ ኹሉ ካብ ስራሕ ዕረፍቲ ወሲድን ገሌና ሓሚምና ኢልና ስራሕ ኣብኩርና ,ኣብ ምምላስና ኣብተን ኣውቶብሳት ዝነበርናየን ብመጉልሕ ድምጺ ጌሮም ከይሓፈሩ **“ንሕና እኳ በዚ ዝገበርናዮ ሰላማዊ ሰልፊ ሕ.መ.ዓ. ኣብ ውሳኔኡ ለውጢ ክገብር ከምዘይክእል ንፈልጥ ኔርና ኢና ይኹን ድኣምበር መንነትና ዘረጋገጽናሉ ዕለት’ዩ ክንብል ንኽእል”** ኢሎም ተዛሪቦምና እዞም ከምዚ ዝብሉ ድማ በዓል መን መሲሉካ እቶም ኣብ ኤውሮጳ ካብ ዝኣትዉ ብስራሕ ኣልቦነት ዝመሽመሹ ህኩያት ብጀካ ወረ ምልኻዕ ስራሕ ዘይፈትዉ ድኹማት ፍጥረት !!!!!!!!! ክብልዎም ሰሚዕና ።

እሞ እንታይድኣ ረከበኩም ብኸምዚኦም ዝኣመሰሉ ድኹማት,ህኩያት ወዘተ... ሕደጉ እንዳበልናኩም ተቐሺሽኩም ዝኸድኩም።እዚ ውሳነ ሕመዓ ብሰላማዊ ሰልፊ ይኹን ብዓፈርፈር ቲቪ ኤሪ ክቕየር ከምዘይክእል ኣያታትኩም ህግደፍ ኣጸቢቖምን ኣነጺሮምን ይፈልጡ’ዮም ። ምኽንያቱ ውሳነ ሕመዓ ብኸምዚ ወዲኸምዚ ዝጉዕጸጽ ኔሩ እንተዝኸውን ኣብ ካልእ ክፍለ ዓለምና ሽግር ከምዘምጻኣሎም ስለዝፈልጡ ኣይምወሰኑን ኔሮም ።

ዝኾነ ኮይኑ ንስኹምን (ሓድስቲ ኤርትራውያን ናይ ጀኔቫን) ህግደፍን ቅድሚ ሕጂ ተመኺርኩም ሕጂውን ጊዜ ኣሎ ሕሰቡ ኣጸቢቕኩም ሕሰቡ ..................

**እንተኣበኹም ግን ናብ ኣፍ ነብርኹም** !!!!!!!!

***ሓውኹም ኣሰናይ ዓ.***